ብኣባል ተሐኤ,ንምኡጅ ማሳል ርእሰ ውሳነ, መተካእታየ ብሉን ብመትከል ብዕላማ ተሐኤ, ክሳብ ሎሚ ኤርትራ ንኤርትራውያን እንዳ ጩፈሒ ኣብ ቀጽሪ ተ,ሐ,ኤ ክቃለስ ዝጸንሐ፡

ትሜልን ሎምን ነውሊዔይ ማዛይ ይኣምን
ሕጂውን ጩፍሓና ኤርትራ ንኤርትራውያን,




ኣብ2018 ከምዚ ክብል
ንጬፍራ ኣፍሪስና ክንዘልል
ኣብኤርትራ ቅዋምክንተክል
ናተይ ትምኒት ነዚ ይማስል,

ንሕና ኣብስደት ደስ ደስ
ሳኣን ብስኒት ብግስ
ኣርዮስ ታሪኽና ይድምስስ,

ንኤረትራውነት
ን30 ዓመታት
ከፊልና ብሉጻት,

መንነትና ከህስሱ
ካብተበገሱ
ንፍለጦፈውሱ,

ኣቱምሃገራዊያን
ሐደ ምኺን
ሕጂዩ እቲእዋን,

ን27 ዓመት ደቂ ኤረ
ብኤሊት ምስ ተዘወረ
ንቃልና ሲኢናሉ ፍረ,

እዚ ካብኮነ
ዝማስለኒ ኣነ
ሕጂ ክንሳነ,

ኣብ ትጽቢት ዶ ይንበር
ንድሕነት ህዝቢ ሃገር
ንውዲተኛታት ክነባርር
ብስኒት ወሲና ንፈር,

ደጊ ምብውዳት ብቓጻ
ንኤርትራ መን ክረግጻ
ብተንኮል ዘይኮነ ብነጻ
ክትመርጾ ክመርጻ,

ብሰናይ ሓሳብ
ከምሰብ
ብፍቕሪ ክንዋሰብ,

ብ,ሓደ ክንድሽሕ
ብስኒት ዝመርሕ
ናብ ዓወት ክንበጽሕ,

ብስኒት ብሓቦ
ካብ ገጠር ጎደቦ
ዝመርሕእ ዝገ ዝሃቦ,

ለውጢ ዝጸልእ
ንደቀባት ከጥፍእ
ሓስቦ ጅቡኡ ዝሜላእ,,

ከይጀመረ እቲ ጉዕዞ
ከምጠቢብ ዝሓዞ
ፈር ፈር ኢሉ ቲፎዞ,

ትጽቢት ነዊሑ
ወይ ምሪሑ
ወይ ተመሪሑ;

ብ,በርሀ ኣባል ተ.ሓ.ኤ
ምስ ብጾቱ ከይተሓብኤ
ብዕላ ማክቓለስ ዝጸንሔ

ኣብ ጎቦ ዘሎ ንፋስ ይሰዶ
ኣብ ሩባ ዘሎ ውሕጅ ይሰዶ
ነዚ ዓመት ብስኒት ንኺዶ,

ዓመት እቕረ ንበሃሃለሉ

ካብ ጌጋና ንመሃረሉ
ዓመት ስኒት ምስ ኩሉ,

ሕልምና ዝሰምረሉ
ንዓድና ንምዝሰሉ
ፍትሒ ዝነግሰሉ,

ዓመት እንካን ሃባን
ዓመት ምክብባርን
ንህዝብና ንምድሓን
ይግበረልና ኣሜን,,

ሕድሪ ሰማእታትና ክቡር እዩ,ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ ብበርሀ
ዑቅባዝጊ ሃገር ጀርመን፡ ስዕረት ንጉጅለ ህግደፍን ዓንገልቶምን፡